# ካብ 12 ነሓሰ ኣትሒዙ ናይ ሃገራት ዓዲ እንግሊዝን ወይልስን ወረቐት ምስክር ኮሮና ቕቡል ክኸውን እዩ።

**ካብ 12 ነሓሰ ሰዓት 15.00 ኣትሒዙ ኖርወይ ንNHS Covid Pass ሃገራት ዓዲ እንግሊዝን ወይልስን ክትቕበሎ ክትጅምር እያ። ሽዕኡ ኣብ ዶባትና ሓቅነት ናይቲ NHS Covid Pass ንምርግጋጽ ንጥቀመሉ QR-ኮድ ኣብ መዓላ ክውዕል ክጅምር እዩ።**

እዚ ማለት ብኣብያተ ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮፓ ተቐባልነት ብዝረኸቡ ክታበታት ምሉእ ብምሉእ ክቱባት ዝኾኑ ካብ ሃገራት ዓዲ እንግሊዝን ወይልስን ንዝመጹ ገያሾ ንኖርወይ ነጻ ኮይኖም ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም። እዚ እውን ነቶም ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮሮና ዘሕለፉ ሰባት ዝምልከት ይኹውን። ከምኡ ምስ ዝኹውን መገሻዊ ውሸባ ኣይምልከቶምን፡ ከምኡ'ውን ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ኮሮና ክህልዎምን፡ ቅጥዒ መገሻ ምምላእ ወይ ኣብ ዶብ ምምርማር ኣይከድልዮምን እዩ።

–እዚ ፍታሕ እዚ ቦትኡ ከነትሕዞ ብምኽኣልና ሕጉስ እየ። ኣብዘን ሃገራት ዝቕመጡ ብዙሓት ሰባት ምስ ኖርወይ ተቐራራቢ ዝምድናታት እዩ ዘለዎም፡ ሕጂ ድማ ናብዚ ክመጹ ኣቃሊልናሎም ኣለና ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ብቑዕ NHS Covid Pass ዘለዎም ኣብ መወሸቢ ሆቴል ዝርከቡ ካብ ሃገራት ዓዲ እንግሊዝን ወይልስን ንዝመጹ ገያሾ፡ እዚ ምቅይያር እዚ ሓሙስ ንኤው ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣብ ዝጅምረሉ ካብ ተወሺቦምሉ ዘለው ሆቴላቶም ክወጽኡ ይኽእሉ ኢዮም።

 እቶም ወረቐት ምስክር ኮሮና ብመልክዕ ሕታም ወረቐት ዘቕርቡ ተጠቀምቲ QR-ኮድ ስለዘይብሉ ኖርወይ ሓቅነቱ ከተረጋግጾ ኣይትኽእልን እያ። እዚ ብመልክዕ ሕታም ወረቐት ዝቐርብ ምስክር NHS (National Health Service) እንተደኣ ኣብ መጻኢ ክንቆጻጸረሉ ንኽእለሉ QR-ኮድ ተጌሩሉ ኣብ ኖርወይ እውን ተቐባልነት ክረክብ ይኽእል እዩ።

ሰሜን ኣየርላንድን ስኮትላንድን እውን ኣብዚ ቀረባ እዋን ክንቆጻጸሮ ንኽእል ተመሳሳሊ ዲጂታላዊ  ወረቐት ምስክር ኮሮና NHS Covid Pass ዝዓይነቱ ከተኣታትዋ እየን። ሽዑ ብወገንና ኣብ ኖርወይ ንሓቅነቱ ከነረጋግጸሉ እንኽእለሉ ፍታሓት ከነዳሉ ኢና።

ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ክታበት Novavax ኣብ ክሊኒካዊ መጽናዕቲ እዩ ዝርከብ ዘሎ፡ ተሳተፍቲ ናይቲ መጽናዕቲ ድማ NHS Covid Pass ክወሃቦም መሰሎም እዩ። ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና ክታበት Novavax ክሳብ ብኣብያተ ጽሕፈት መድሃኔት ኤውሮፓ ተቐባልነት ዝረክብ ከይተቐበልናዮ ክንጸንሕ ኢዮም ተማሕጺኖምና ዘለዉ። ስለዚ እቶም ከም ኣካል ተሳተፍቲ ክሊኒካዊ መጽናዕቲ ክታበት Novavax ዝተኸተቡ ሰባት፡ ማዕረ እቶም ከም ምሉእ ክቱባት ኰይኖም ዘይቍጸሩ ወይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዘየሕለፉ ንቡር ደረታት መገሻ ዝምልከቶም ከም ምዃኖም ነተሓሳስብ።